# ሓፈሻዊ ጸብጻብ ባህላዊ ንጥፈታት ፌስቲቫል ኤርትራ ጀርመን
# ሓምለ 06-08/2012 ጊሰን ጀርመን

መግለጺ ባህሊ ኤርትራ ከም ኣርእስቲ ረዚን'ኳ እንተኾነ ፡ ኣብ በበይኑ እዋናትን ክፋላት ዓለምና ዝካየዱ ፌስቲቫላትና ኣካል ናይ ባህልና እዮም ፡ ስለዝኾነ ሃገራዊ ፌስቲቫላት ኤርትራ ከከም ወቕቱ ንኤርትራዊ ፡ ማሕበራዊ-ሂወት ፤ ቃለሲ ፤ ታሪኽ መኸተ፤ውርሻ፤ፍቕርን ሓድነትን ፡ ወዘተ... ዘሰስኑን ዝገልጹን ተኻይደምን ይካየዱ ኣለዉን ፡ ሰፊሕ ናይ ህዝቢ ደገፍ ስለዘለዎም ፡ ብቐንዱ ክኣ ወናኒኡ እቲ ኣቦ ቅዱስ ባህሊ ህዝቢ ኦርትራ ስለዝኾነ ድማ ጸጸባሕ ይሀብትን ዓምቢቡ ይፈርን ኣሎ ፡

ካብዚ ምሩጽ ዘይነጽፍ ፈልፋሊ ሃገራውነት ዛርዩ ክኣ'ዩ ሃገራዊ ፌስቲቫል ኤርትራ ኣብ ጀርመን ካብ ዝጅመር 16 ዓመቱ ብዝተፈላለዩ መደባት ወቲሩን ማዕሪጉን ምጽንባሉ ፡ ኣብ ዓዓመቱ ዘእንግደም ብዝሒ ነጋድያንን ፡ ንኩላቶም ከከም ዕድሚኦም መሃርን ኣሳታፊ ኤርትራዊ ንግደት ክንብሎ ንደፍር ፡

ድያብሎስ ንቤት ጻድቃን ኣይፈትዋን ከምዝበሃል ፡ ጸላእቲ ህዝቢ ኤርትራ ካብ ቅንኣትን ቅርሕንት ዝነቐለ ፡ ተጠሊያም ከጕርዑን ፡ ኣብ ጸላለ ኣድሂብሎም ፡ ብሸልን ዝተግዝኡ ባሮቶም ዓሲቦም እምኒ ክድርብዩን ኣብሰርቅን ዝምታን ክልሃዩን እቲ ናይ መጨረሽታ ጽንቃቕ ውዲቶም ግንከኣ ፡ መግለጺ መንነቶም ዘካይድዎ ዘለዉ ይኹን እምበር ኣብ መሰርሕ ቃልስና ተጣሒኖም ዕጫ ናይ ዝሓለፉ ጸላእትና ወጨ ፍሽለት ክጕልበቡ ምኻኖም እንጕዓዘሉ ዘሎና ሃገራዊ ግንከኣ ዓረ-ሓዲድ ህያው ምስክር ኣብነት እዩ ፡

ናይ ሎሚ ዓመት ፌስቲቫልና ኣብ ጊሰን ፡ ከምቲ ኣቐዲሙ ዝተገልጸ `` ናጽነትና ክብረትና `` ኣብ ትሕቲ ዝብል ጭርሖ ዝተጸንበለ ኮይኑ ፡ ንዓንቀፍትን ተገበርከኽትን ፡ ክሳደም ረጊጹ ፡ ብዝተፈላለየ ምዕሩግ ባህላዊ መደባት ንተሳተፍቲ ዘርዊ ፡ ካብ ዕለተ ዓርቢ 06.07.2012 ሰዓት 21:30ድ.ቀ. ብፍሉይ ወኪል መንግስቲ ኤርትራን ፡ ክቡር ኣምባሳደር ሃገረ ኤርትራ ኣብ ጀርመን ብወግዒ ምኽፋቱ ፡ ክሳብ ዕለተ ሰንበት 08.07.2012 ሰዓት 21:00 ብወግዒ ምዝዛሙ ፡ እቲ ዘይምኖ ትሃራፊ ከምሰዊት ሓጋይ ፡ ኤርትራዊ ሳህኛ ፤ ኤርትራዊ ዕጥቂ ፤ ኤርትራዊ ኣገባብ ፤ ኤርትራዊ ወግዒ ፡ ንህዝቡ ብምእንጋድ ፡ ብድርብ ዓወት ተዛዚሙ ፡ ንዝቕጽል ኤርትራዊ ሂወት ድባብ ንኽንከውን ሓላፍነት ኣሰኪሙ ፡

ሰነጥበባውያን ፡ ኤርትራ ካብ ያተዊ ታሪኽ ጀሚርካ ፡ ኣብ ሓርነታዊ ቃልሲ ፡ ኣብ ምህናጽ ሃገር፡ ምውሓስ ልዑላውነት ፡ ንዓወታት ህዝቡ ብግቡእ ሰኒዱ ዝገለጸን ፡ ኣንጻር ባዕዳውያን ጸላእትን ውሽጣውያን ዓለቕቲ ህዝብን ፡ ማዕረ ከላሽን ተዋጊኡ ኣላሸ ዘበለን ኣብ መዝገብ ታሪኽ ኤርትራ ኣብ ግቡእ ቦታኡ ተወሪቑ'ኳ እንተሎ ፡ ጌና ብዝዋሕለለ ሰነፍለጠት ዓጢቑ ዝምዕብል ዘሎን ኮይኑ ፡ ካበዚ በረከቱ በብሕፍንቲ ንተሳተፍቲ ፌስቲቫል ኤርትራ ጀረመን ከምቲ ድልየቱ ምኣዲ ሰነጥበብ ዘቋደሱ ሰነጥበባውያን ብከፊል ነዚ ይመስል ፡

- - ካብ ውሽጢ ሃገር ዝመጸት ጉ/ባህሊ ሶይራ ፡ ምስ ወናማት ድምጻውያን
  - ERIBAND. ምስ ኣብ ማእከል ጀርመን ዝርከቡ ህቡባት ድምጻውያንን፡
- - AUGETBAND ምስ ወናማት ድምጻውያን ካብ ደቡብ ጀርመን
- - ጉ/ባህሊ ያታ እምብልታ ካብ ደቡብ ጀርመን
- ስነጥበባዊ ተኽለ እስራኤል Mr.Cloun
- መንእሰይ ሰላም ኣርኣያ ፡
- - መድረኻዊ ተዋስኦ ፡
- - ሙዚቃዊ ድራማን
- - ዋዛ ምስቁምነገር ፡ ወዘተ...

ዝኣመሰሉ ፡ ብትሕዝትኦም ብሉጽ ፡ ንዘሎናዮ እዋናዊ መድረኽ ዝገልጽ፡ ንዓወታት ህዝብን መንግስት ዝሙግስ ፡ ንውዲት ተጻባእቲ ዝኸሽሕ ፡ ብኣቀራርባ ትሕዝቶኡ ኮታ ኩሉ መዳያቱ ፡ ንተሳተፍቲ ዘዕገበን ፡ ገሊኡስ ይደገም እናተባህለ ፡ መሃርን መዓድን ሓደሽቲ ደርፍታትን ድራማን ብምቕራብ ፡ ስነጥበባውያንና ክእለቶም ዘመስከርሉ ናይ ዕዉታት ዕዉት ፈስቲቫል'ዩ፡

እቲ ዘይምኖን ዝያዳ ዝመቀረን ፡ ኣብ መመገብን መዘናግዕን ቦታ catering room ዝካየድ ዝነበረ ሓባራዊ ዕማም እዩ ፡ መትዓቢትኻ ፡ ናይቀደም መማህርትኻ ፡ መቓልስትኻ ፡ መሳድድትኻ ፡ መሳርሕትኻ ፡ ቤተሰብካ ፡ ከኸምዝመረጽካዮ ፐሪሞን ሰኬንደን እናበልካ ብማንካ ዘይተላዕሎ ዕላልን ወጃዕጃዕን ንቐደም በል ፡ ናተይ ሓንቲ ተጋበዝ ፡ ንሓደ ዝበልካዮ ንኩሉ ይኣክል እናተባህለ ንመሳንይቲ ምቁር ዕላል እቲ ቅዱስ ኤርትራዊ ባህሊ ተፋቖር ከም ኣሕዋት ዝብልዎ ኣብኡ ቅጅል ይብለካ ፡ ኣካሉ እንከለኻ መሊስካ ትቐንእ ናይብሓቂ ቅዱስ ቅንኢ ፡

እዚ ኩሉ ኣሽሓት ህዝቢ ብስኒትን ፍቕርን ክም ሓንቲ ስድራ ኣብ ዝተቐረባሉ መዘናግዒ ክፍልታት ብስነስርዓት ክግልገለሉ ፡ ኤርትራዊ ባህሊ ክሳብ ክንድዮናይ ሰልጡን ምዃኑ ትምህርቲ ቀሲምካ እትሕበነሉ ኩነት'ውን እዩ ነይሩ ፡

ተሳተፍቲ ንዕግበቶም ፡ ሰለስተ መዓልቲ ከምዝወሓደም ፡ ሰለስተ ሰዓት ዝገበሩ ኮይኑ ከምዘይተሰምዖምን ፡ ኩሉ ዝነበረ እንግዶት ኣዝዮም ዕጉባት ምዃኖም ድሕሪ ምግላጾም ፡ ኣብዝኾነ እዋን ካብኦም ዝድለ ከምወትሩ ቅሩብነቶም ኣረጋጊጾም ፡ እዚ መግለጺ ኤርትራዊ ባህሊ ንፍቕርን ሓድነትን ንምስሳስን ዝካየድ ዘሎ ብዘይትሓለለ ጻዕሪ ክድፍኣሉ ከምዘለዎ ደጊሞም ኣትሓሳሲቦም ፡

ፈስቲቫል ኤርትራ ጀርመን ኣብ ጊሰን ይበል ዘበለ ኤርትራዊ ውራይ !!!

ናጽነትና ክብረትና !

ዘልኣለማዊ ክብርን መጉስን ንጀጋኑ ሰማእታትና

ዓወት ንሓፋሽ !

ሽ/ፈስቲቫል ባህላዊ ጉዳያት፡